ንዓኻ ሃገራዊ ፈተና ክትገብር ተዳሊኻ ዘሎኻ **Tigrinja**
**Till dig som ska genomföra nationella prov**

# ሃገራዊ ፈተና ኣብ ትምህርቲ ጂምናስዩም

ሰላም!
ኣብዚ ቀረባ ጊዜ፤ ንገለ ካብቶም ከም እንግሊዝ፡ ቁጽሪ፡ ቋንቋ ሽወደን ወይ ውን ቋንቋ ሽወደን ከም 2ይ ቋንቋ ዝኣመሰሉ ዓይነታት-ትምህርቲ፤ ሃገራዊ- ፈተናታት ክትገብር ኢኻ። ከከምቲ ትወስዶ ዘሎኻ ናይ ትምህርቲ ፕሮግራም ድማ፤ ኣብዚ ጊዜ ናይ ጂምናስዩም ትምህርትኻ፤ ንነፍሲ-ወከፍ ዓይነት-ትምህርቲ፤ ሓሓደ ጊዜ ወይ ካብኡ ዝበዝሐ ሃገራዊ ፈተናታት ክትገብር ኢኻ።

እቲ ዕላማ ናይ'ዚ ዚግበር ዘሎ ፈተናታት ድማ፤ ነቲ ኣብተን ዓይነታት-ትምህርቲ ክትበጽሖ ዝተመደበልካ ናይ ደረጃ መዓቀኒታት፤ ክሳዕ ክንደይ ከም ዝተዓወትካሉ፤ ነቲ መምህር ገምጋም ንኽገብር ከኽእሎ ብማለት እዩ። እቲ ዝግበር ፈተናታት ብተወሳኺ፤ ነቲ ናይ ተመሃሮ ፍልጠት ብማዕርነት ንኽትግምግሞ ንኽሕግዝ ውን ጠቐሜታ ስለ ዘለዎ እዩ።

እቲ መሰረት ናይቲ ፈተናታት፤ ኣብ ኣቀራርብኡ ይኹን ኣብ ኣገማግምኡ፤ ምስቲ ኣብ ዝተፈላለዩ ኮርስታትን ትምህርቲታትን ዘሎ ናይ ነፍሲ-ወከፍ ዓይነት-ትምህርቲ መደባት ዝተተሓሓዘ እዩ። ነፍሲ-ወከፍ ተመሃራይ፤ ካብቲ ዘለዎ ፍልጠታት፤ ክሳዕ ዝኣኽሎ ከመስክረሉ ዚኽእል ዕድል ክወሃቦ እዩ።

ኣብ ሓንቲ ፍልይቲ ፈተና፤ ኩሉ ክትምርመረሉ ከም ዘይትኽእል ፍሉጥ'ዩ። ስለዚ እቲ ሃገራዊ ፈተና፤ ሓደ ክፋል ናይቲ ጠቕላላ ገምጋም ኰይኑ፤ ከም መንጸፍ ናይቲ ደምዳሚ ነጥብኻ ናይቲ ዝወስድካዮ "ኮርስ" ክኸውን እዩ። እዚ ሃገራዊ ፈተና'ዚ፤ ኣብቲ ናትካ ነጥቢ ምግምጋም፤ ሓደ ኣገዳሲ ክፋል ክኸውን እዩ። ይኹንእምበር እቲ መምህር ክግምግም ከሎ፤ ነቲ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ዓይነት ትምህርቲ ዘሎካ ፍልጠታት፤ ብምልኣት ድሕሪ ምዕዛብ እዩ።

## ቋንቋ እንግሊዝ

ከከምቲ እትወስዶ ዘሎኻ ፕሮግራም፤ ኣብዚ ናይ ጂምናስዩም ጊዜ ትምህርትኻ፤ ናይ "እንግሊዝ 5" (engelska 5) ጥራይ ወይ ድማ ናይ "እንግሊዝ 5ን ናይ እንግሊዝ 6ን" (engelska 5 och engelska 6) ሃገራዊ ፈተናታት ክትገብር ኢኻ።

እቲ ኣብ ፈተና ቋንቋ እንግሊዝ ዘሎ ትሕዝቶ፤ ብዘረባ ዚግበርን ብጽሑፍ ዚግበርን ናይ ምርድዳእ ፈተናታት ዘሎዎ፤ ከምኡ ውን ናይ ምንባብን ሰሚዕካ ምርዳእን ዘጠቓልል እዩ። ነቲ ኣብ "እንግሊዝ 6" እትገብሮ ናይ ጽሑፍ ፈተና መዳለዊ ዚኸውን ጽሑፍ፤ ቅድሚ እቲ ፈተና መታን ኣጽኒዕካዮ ክትመጽእ፤ ኣቐዲሙ ክወሃበካ እዩ። እቲ መዳለዊ ጽሑፍ'ቲ ግን፤ ኣብቲ ናይ ፈተና ጊዜ፤ ምስኻ ክህሉ ኣይክኣልን እዩ።

## ሽወደን ወይ ሽወደን ከም 2ይ ቋንቋ

ከከምቲ እትወስዶ ዘሎኻ ፕሮግራም፤ ኣብዚ ናይ ጂምናስዩም ጊዜ ትምህርትኻ፤ ናይ "ኮርስ 1" (kurs 1) ጥራይ ወይ ድማ ናይ "ኮርስ 1ን ከምኡውን ኮርስ 3ን" (kurs 1 och 3) ሃገራዊ ፈተናታት ክትገብር ኢኻ።

እቲ ኣብ ቋንቋ ሽወደን 1 ከምኡውን ኣብ ሽወደን ከም 2ይ ቋንቋ 1 ዝግበር ፈተና፤ ብዘረባ ዚግበር ክፋል፤ ብምንባብን ከምኡ ውን ብምጽሓፍን ዚግበር ናይ ፈተና ክፋላት ዝሓዘ እዩ።

እቲ ኣብ ቋንቋ ሽወደን 3 ከምኡውን ኣብ ሽወደን ከም 2ይ ቋንቋ 3 ዝግበር ፈተና፤ እቲ ሓደ ክፋል ብጽሑፍ ዚግበር እቲ ካልኣይ ክፋል ድማ እቲ ብዘረባ ዚግበር እዩ።

ነዚ ክልቲኡ ፈተናታት ብኸመይ ከም ዝቖመን፤ ከም ተመሃራይ መጠን ውን፤ ብዛዕባ ናይቲ ንስኻ ክትገብሮ ዘሎካ ነገራት ዘሎ ትጽቢን ዚገልጽ፤ ሓደ ዝተዳለወ ጽሑፍ ክወሃበካ እዩ።

## ቁጽሪ

ከከምቲ እትወስዶ ዘሎኻ ፕሮግራም፤ ኣብዚ ናይ ጂምናስዩም ጊዜ ትምህርትኻ፤ ንናይ ሓደ “ኮርስ” ወይ ንናይ ብዙሓት “ኮርሳት”፤ ሃገራዊ ፈተናታት ክትገብር ኢኻ። እቲ ናይዚ “ኮርሳት” ፈተናታት፤ ብዙሕ ክፋላት ዝሓዘ ኲይኑ፤ ኣብቲ ናይ ፈተና መዓልቲ ሰለስተ ክፋላት ፈተና ክትገብር ኢኻ። እዚ ድማ፡ እቲ ገሊኡ ብዲጂታላዊ መሰርሒ ሓገዝ እናተጠቐምካ ትገብሮ፤ ገሊኡ ድማ ብዘይብኡ እትገብሮ ክኸውን እዩ። ኣብ መንጎ እቲ ክልተ ክፋላት ናይቲ ፈተናታት ዝግበረሉ እዋን፤ ናይ ምሳሕ ጊዜ ዘሎዎ፤ ንውሕ ዝበለ ናይ ዕረፍቲ ጊዜ ክወሃብ ንመክር።

## ተወሳኺ ሓበሬታ ካብቲ መምህርካ ክወሃበካ ’ዩ

ንናይ ነፍሲ-ወከፍ ዓይነት ኮርስ ፈተናታት መዓስ ከም እትገብር፤ ብኸመይ ከም ዚግምገምን ካልእ ብዛዕባቲ ፈተናታት
ዚምልከቱ ጉዳያትን፤ ካብቲ መምህርካ ሓበሬታ ክወሃበካ እዩ።

ቤትስልጣን ኣብያተትምህርቲ፤ ናይ ኩሉ’ቲ ዚግበር ሃገራዊ ፈተናታት ሓላፍነት ዘሎዎ፤ ንሱ እዩ። ይኹንእምበር እቲ
ኣቀዋውማ ናይቲ ፈተናታት፤ ብነንበይነን ዩኒቨርሲታት እዩ ዚዳሎ። እቲ ትሕዝቶ ናይቲ ፈተናት፤ ኣቐዲሙ ኣብ
ነንበይነን ኣብያተትምህርቲ ኣብ ምሉእ ሃገር ሽወደን ተጸኒዑ እዩ። እዚ ፈተና’ዚ ኣብ ኢድካ ቅድሚ ምብጽሑ ውን፤
ኣብቲ ትሕዝቶኡ ካብ ተመሃሮን ካብ መምህራንን ዝቐረበ ርእይቶታት ተዋሂብዎ፤ ተኸሊሱን ብዕምቆት ተዘትዩሉን
ዝተዳለወ እዩ። እቲ ፈተናታት ናይቲ ”ኮርሳት”፤ ጽቡቕ ኲይኑ ክስምዓካን፤ ኣብቲ ነንበይኑ ዓይነታት-ትምህርቲ ዘሎካ
ፍልጠት ክተመሳኽረሉ እትኽእል ዕድል ውን ክፈጥረልካ፤ ዘሎና ተስፋ ዓቢ እዩ።

ኣብ ቤትስልጣን ኣብያተትምህርቲ ናይ ርክብ ሓላፍቲ

nationellaprov@skolverket.se